
# ገለ ህጻናት ብሰንኪ ጕንፋዕ ብኸቢድ ይሓሙ

## ኣብ ኖርወይ ከባቢ 80 000 ዝኾኑ ህጻናት ብሰንኪ ኢንፍሉዌንዛ ብኸቢድ ናይ ምሕማም ዝለዓለ ሓደጋ ኣለዎም።



እዞም ዝስዕቡ ሕማማትን ኩነታትን ዘለዎም ህጻናት ዓመታዊ ክታበት ጕንፋዕ ክወስዱ ኣለዎም:-

- ሕዱር ናይ ሳንቡእ ሕማም ዘለዎም (ኣዝማ ሓዊሱ)
- ሕማም ልቢ
- ሕዱር መትናዊ ሕማማት ወይ መጉዳእቲ ዘለዎም (ንኣብነት: ሕማም ምንፍርፋር/ትርግትያን ንናይ ሳንቡእ ስራሕ ዝጸሉ ኩነታትን)
- ብሰንኪ ሕማም ወይ ሕክምና: ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞ እተዳኸመ (ንኣብነት: ብሰንኪ ሓድሽ ምትካል ኣካላት ወይ መንሸሮ)
- ሕማም ጸላም ከብዲ ወይ ኩሊት
- ሕማም ሽኮርያ
- ካብ መጠን ንላዕሊ ረጕድቲ ዝኾኑ
- ኢንፍሉዌንዛ ከቢድ ናይ ጥዕና ሓደጋ ከስዕበሉ ዝኽእል ካልእ ከቢድ ወይ ሕዱር ሕማም፣ እዚ ድማ ነቲ ህጻን ብውልቂ ናይ ሓኪም መርመራ ምስ ተገብረሉ ዝፍለጥ እዩ (ንኣብነት: ብተፈጥሮኦም ናይ ክሮሞዞም ጸገም ወይ ጀነቲካዊ ጸገማት ዘለዎም ህጻናት)

- ቅድሚ ግዜኦም እተወልዱ ህጻናት ብፍላይ እቶም ቅድሚ ሰሙን 32 ጥንሲ ዝተወልዱ ህጻናት ዝለዓለ ሓደጋ ኣለዎም። ካብ ዕድመ 6 ወርሒ ካብ ዝኾኑ ኣትሒዞም ክሳብ ዕድመ 5 ዓመት ዝኾኑ በብዓመቱ እቲ ኽታበት ክወሃቦም ይምከር።

### ኢንፍሉዌንዛ እንታይ እዩ፧ ስለምንታይከ ከቢድ ክኸውን ይኽእል፧

ኢንፍሉዌንዛ ብቫይረስ ኢንፍሉዌንዛ ዝመጽእ ተላባዒ ሕማም እዩ። እዚ ቫይረስ ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ሳንቡእን ረኽሲ የስዕብ። ኢንፍሉዌንዛ ምስ ሰዓል ሓደ ኣይኮነን።

ምልክታት ኢንፍሉዌንዛ መብዛሕትኡ ግዜ ሃንደበት ዝመጽእ ኰይኑ፡ ልዑል ረስኒ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ሕማም ርእሲ፡ ድኻም የስዕብ። ገሊኦም ቈልዑ ከምልሱ ወይ ውጽኣት ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ቫይረሳት ኢንፍሉዌንዛ ኣብ ኖርወይ በብዓመቱ ማለት ኣብ መንጎ ጥቅምትን ግንቦትን ከም ለበዳ ኾይኑ ይኽሰት። ኢንፍሉዌንዛ ኣብ ህጻናት ልሙድ እዩ። ኣብ ንቡር ናይ ኢንፍሉዌንዛ ወቕቲ: ካብ ኩሎም ህጻናት 20-30% ዝኾኑ ይሓምሙ እዮም።

**ንገሊኦም ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ።**
ኣብ ዓመት ኣስታት 500 ህጻናት ብኢንፍሉዌንዛ ኣዝዮም ስለ ዝሓመሙ ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ክሕከሙ የድልዮም እዩ። መብዛሕትኦም ብመሰረቱ ካልእ ጸገማት ጥዕና ዘይብሎም ህጻናት እዮም፣ እንተኾነ ግን ገለ ሕማማት ወይ ጸገማት ዘለዎም ህጻናት ካብ ጥዑያት ህጻናት ብዝያዳ ብሰንኪ ጕንፋዕ ብኸቢድ ናይ ምሕማም ናይ ኣስታት 4 ዕጽፊ ዝዓበየ ሓደጋ ኣለዎም።

ኣብ ኖርወይ፡ ክሳብ 80 000 ዝኾኑ ካብ 0 ክሳብ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ብሰንኪ ኢንፍሉዌንዛ ብኸቢድ ናይ ምሕማም ዝለዓለ ሓደጋ ኣለዎም። እቲ ዝዓበየ ጕጅለ: ኣዝማ ወይ ካልእ ሕማም ሳንቡእ ዘለዎም ህጻናት እዮም። ብተወሳኺ: ሕማም ልቢ: ሕማም ሽኮርን ከም ሕማም ምንፍርፋር ዝኣመሰለ ሕማማት መትኒ ዘለዎም ብዙሓት ኣሽሓት ህጻናት ኣለዉ። እዞም ህጻናት ብኢንፍሉዌንዛ እንተ ተለኺፎም: እቲ ሕዱር ሕማሞም ክገድድ ይኽእል እዩ፣ ከም ኒሞንያ ንዝኣመሰሉ ተወሳኺ ሕማማት ድማ ክቃልዑ ይኽእሉ።

ብሰንኪ ኢንፍሉዌንዛ ዝሞቱ ህጻናት ሒደት እኳ እንተ ኾኑ፡ ከምኡ ኸጋጥም ከሎ ግን መብዛሕትኡ እቶም ዝሞቱ ሕጻናት ኣቐዲሞም ኻልእ ሕዱር ሕማም ወይ ካልእ ጸገማት ዝነበሮም እዮም።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ:-
https://www.fhi.no/va/barnevaksinasjonsprogrammet/

FHI

## ክታበት ዝበለጸ መከላኸሊ እዩ

ክታበት ኢንፍሉዌንዛ፡ ንሕማም ኢንፍሉዌንዛን ንኸቢድ ሳዕቤናት እቲ ሕማምን ንምክልኻል ዝሕግዝ ዝቐለለን ዝበለጸን ስጉምቲ እዩ። ስለዚ፡ እቶም ካልእ ጸገማት ጥዕና ዘለዎም ቈልዑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቀውዒ ክኽተቡ ኣለዎም። እቲ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ፡ ኣብቶም ዋላ እኳ ተኸቲቦም ከለዉ ብሕማም ኢንፍሉዌንዛ ዝልከፉ ሰባት ከጋጥም ንዝኽእል ምልክታት ኢንፍሉዌንዛ ከቃልል ይኽእል እዩ።

## ክልተ ዓይነት ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ንህጻናት

ኣብ ኖርወይ ንህጻናት ክወሃብ ዝፍቀድ ክልተ ዓይነት ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ኣለዉ፣ ብመርፍእ ዝወሃብ ክታበት (ካብ ዕድመ 6 ወርሒ ጀሚሩ ንኹሎም ህጻናት ክወሃብ ዝፍቀድ) ከምኡውን ብኣፍንጫ ዝወሃብ ክታበት (ካብ ዕድመ 2-17 ዓመት ክወሃብ ዝፍቀድ)።

እቲ ብኣፍንጫ ዝወሃብ ክታበት፡ ከቢድ ኣዝማ፡ ንጡፍ ጸገም ስርዓት ምስትንፋስ፡ ጸገም ዓቕሚ ናይ ምክልኻል ሕማም፡ ወይ ስንጣቕ ከንፈርን ትንሓግን ዘለዎም ህጻናት ክወሃቦም የብሉን። ነቶም ንናይ ኢንፍሉዌንዛ ክታበታት ዝኹነ ይኹን ኣለርጂ ከም ዘለዎም ዝፍለጡ ህጻናት እቲ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክወሃብ የብሉን።

ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 9 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ ዘይተኸተቡ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ምልክታት ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ዘይነበሮም፡ እቲ ዓይነት ክታበት ብዘየገድስ፡ ብውሑዱ ኣብ ናይ 4 ሰሙን ፍልልይ ክልተ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ክወስዱ ይምከር።

## ትሕዝቶ እቲ ክታበት እንታይ እዩ፧

እቲ ብመርፍእ ዝወሃብ ክታበት፡ ቁርጽራጽ ቫይረስ ኢንፍሉዌንዛ፡ ጽሩይ ማይ፡ ዝተፈላለየ ጨው ከምኡውን ካልእ ሓገዝቲ ነገራት ዝሓዘ እዩ።

እቲ ብኣፍንጫ ዝወሃብ ክታበት፡ ለውጢ እተገብረሎም ህያዋንን ድኹማትን ቫይረሳት ኢንፍሉዌንዛ ዝሓዘ ኾይኑ እቲ ቫይረሳት ኣብ ናይ ኣፍንጫ ልፋጭ ንሓጺር እዋን ጥራይ እዩ ክጸንሕ ዝኽእል እምበር፡ ኣብ ዝተረፈ ኣካላት ክነብር ኣይክእልን እዩ።

ብተወሳኺ ጽሩይ ማይ፡ ጨው፡ ሽኮር፡ ከምኡውን ጀላቲን ዝሓዘ እዩ።

## እቶም ክታበታት ክሳዕ ክንደይ እዩ ጽቡቕ ዝሰርሑ፧

ውጽኢታዊነት ናይቲ ክታበት ኣብቲ እቲ እትተሓዘ ዓይነት ቫይረስ ኢንፍሉዌንዛ፡ እቲ ክታበት ምስቲ ኣብቲ ህዝቢ ዝርአ ዘሎ ዓይነት ቫይረሳት ኢንፍሉዌንዛ ክሳብ ክንደይ ከም ዝመሳሰል፡ ከምኡውን ኣየናይ ክታበት ከም እትጥቀም እተመስረተ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኩነታት ጥዕና ናይ ሓደ ህጻን ነቲ ሳዕቤን ክጸልዎ ይኽእል።

ውጽኢታዊነት ክታበት ጉንፋዕ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይፈላለ እኳ እንተኾነ፡ ብማእከላይ ገምጋም ግን ኣስታት 60 ሚእታዊት ውጽኢታዊ እዩ። ስለዚ፡ ገለ ሰባት ዋላ እንተ ተኸተቡ በቲ ጉንፋዕ ክተሓዙ ይኽእሉ እዮም፣ እንተኾነ ግን እቲ ክታበት ነቲ ሕማም ቅልል ዝበለ ክገብሮን ብኸቢድ ንናይ ምሕማም ሓደጋ ከጉድሎን ይኽእል እዩ።

## ክታበት ጉንፋዕ ውሑስ ድዩ፧

ኵሎም መድሃኒታትን ክታበታትን ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕቡ ይኽእሉ እኳ እንተኾኑ፡ እዚ ግን ንኹሉ ሰብ ዘጋጥሞ ኣይኮነን። ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕብ ዝኽእል ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ።

ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ድማ ኣብ ዓመት ኣስታት 500 ሚልዮን ክታበት ተዋሂቡ እዩ።

- እቲ ብመርፍእ ዝውጋእ ክታበት ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ቃንዛ፡ ሕበጥ፡ ምቕያሕ ከስዕብ ይኽእል እዩ፣ እቲ ብኣፍንጫ ዝወሃብ ክታበት ድማ ምዕባስ ኣፍንጫን ንፋጥ ዘረብረብ ምባልን ከስዕብ ይኽእል እዩ።
- ክልቲኡ ዓይነታት ክታበት ድሕሪ ክታበት ን1-2 መዓልታት ቅልል ዝበለ ናይ ሕማም ስምዒት፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ረስኒ ከስዕብ ይኽእል እዩ።
- ኣለርጂ ወይ ካልእ ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናት ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም።
- ካብቲ ክታበታት ዋላ ሓደ ነቲ ናይ ህጻናት ሕማም ኢንፍሉዌንዛ ኣየስዕብን እዩ።

## ውላደይ ኣበይ ክኽተብ ይኽእል፧

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ኽታበት ካብ ወርሒ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ እዩ ዝወሃብ። ከም ወላዲ መጠን፡ ብዛዕባ ምኽታብ ህጻናት ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ናይ ኮሙነ ወይ ናይ ሓኪምካ ውብሳይት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። ናይ ሕክምና ክትትልን መርመራን ንምግባር ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ክሊኒካ ሓኪም ዝኸዱ ቈልዑ፡ ነቲ ኽታበት ኣብኡ ይኽእሉ እዮም።

## ዋጋ እቲ ክታበት ክንደይ እዩ፧

ዋጋ እቲ ክታበት ይፈላለ እዩ። ዋጋ እቲ ክታበት ንምፍላጥ ምስ ሓኪምካ ተዛረብ ወይ ኣብ ናይ ኮሙነ ውብሳይት ተወከስ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፦ [https://www.fhi.no/va/barnevaksinasjonsprogrammet/](https://www.fhi.no/va/barnevaksinasjonsprogrammet/)

FHI